Helsedirektoratet

# ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ንዝሕከሙ ዝዳሎ ተርጓሚ

- ብቛንቋኻ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል

---

IS-1976

Tolk for deg som er pasient i helsetjenesten
Språk: Tigrinja

ቅኑዕ ሓገዝን ሕክምናን ንምርካብ ጽቡቕ ሓበሬታ ኽትረክብን ክትዛተን ምኽኣልካ ኣገዳሲ እዩ። ከም ተሓካሚ መጠን ንዓኻ ዝኸውን ሓበሬታ ክትረክብ ይግባእ። ምስ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ብዛዕባ ጥዕናኻ፡ ሕማምካን እትረኽቦ ሕክምናን ክትዛተ ምኽኣል ኣገዳሲ እዩ።

ሕጊ ተርጕምቲ (2022)፡ መንግስታዊ ወሃብቲ ኣገልግሎት ቅኑዕ ኣተሓሕዛ ምእንቲ ኽትረክብ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብቑዓት ተርጐምቲ ክጥቀሙ ከም ዘለዎም ይገልጽ። ከም ነርስታት፡ ሓካይም፡ ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ወዘተ ዝኣመሰሉ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና፡ ከም ተሓካሚ መጠን፡ ዘድልየካ ሓገዝ ከም እትረክብ ክገብሩ ኣለዎም።

- ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጥዕናን ሕክምናን ብዝርደኣካ ቛንቋ ሓበሬታ ክትረክብ ኣሎካ
- ሕክምናዊ ቃላትን መግለጺታትን ንምርዳእ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ዋላ ቁሩብ ኖርወጅያኛ ትዛረብ እንተ ኾንካ፡ ተርጓሚ ከድልየካ ይኽእል እዩ።
- እቲ ተርጓሚ ምሳኻን ምስቲ ዝሕክመካን ኣብ ሓደ ክፍሊ ክኸውን ወይ ከኣ ብተሌፎን ወይ ብቪድዮ ክሳተፍ ይኽእል እዩ

**እቲ ኣገልግሎት ጥዕና ተርጓሚ ክእዝዝ ኣለዎ**

- ኣገልግሎት ጥዕና ተርጓሚ የድልየካ ድዩ ኣይኮነን ናይ ምጽራይ ግዴታ ኣለዎ። ተርጓሚ እውን ክእዝዙ ኣለዎም
- ኣገልግሎት ትርጉም ንተሓካሚ ብናጻ እዩ
- ዓቢ ሰብ እንተ ኼንካ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ነቲ ንናይ ሓኪም ስኒ ዘድልየካ ተርጓምን ሕክምናን ባዕልኻ ኢኻ እትኸፍሎ

**ብቑዓት ተርጐምቲ ጥራይ እዮም ዝትርጉሙ**

- ብቑዕ ተርጓሚ ናይ ምትርጓም ወግዓዊ ብቕዓት ኣለዎ
- ንቘልዑ ኸም ተርጐምቲ ክጥቀመሎም የብልካን
- ስድራቤት፡ ኣዕሩኽ ወይ እትፈልጦም ሰባት ከም ተርጐምቲ ክትጥቀመሎም የብልካን

**ካብቲ ብተርጓማይ ዝግበር ዝርርብ ጽቡቕ ክትጥቀም እትኽእል ብኸመይ ኢኻ፧**

- ኣየናይ ቋንቋን ላህጃን ክትዛረብ ከም እትመርጽ ንኣገልግሎት ጥዕና ሓብር
- እተፈላለየ ቛንቋታት ጽቡቕ ጌርካ ትዛረብ እንተ ኼንካ ሓብር
- ፍሉይ ኵነታት እንተልዩካ፡ ንኣብነት ናይ ምስማዕ ጸገም እንተልዩካ ሓብር
- ነቲ ዝርርብ ጽቡቕ ጌርካ ተዳሎ። ክትሓትቶ እትደሊ ዝኾነ ሕቶ ጽሒፍካ ምጻእ
- ኵሉ ሕቶታት ነቲ ሰራሕተኛ ኣገልግሎት ጥዕና እምበር፡ ነቲ ተርጓሚ ክሕተት የብሉን
- ነቲ ተርጓሚ እንተ ዘይተረዲእካዮ ተዛረብ
- ሓጸርቲ ሓረጋት ተጠቐም፡ ብንጹር ከኣ ተዛረብ። ሽዑ እቲ ተርጓሚ ነቲ እተባህለ ብልክዕ ክትርጉሞ ይቐልሎ
- ተርጓሚ ነቲ እተባህለ ጥራይ ክትርጉሞ ኣለዎ። እቲ ተርጓሚ ነቲ ኣቐዲሙ ኣብቲ ዝርርብ እተባህለ ክደግሞ ኣይክእልን
- ነቲ እተባህለ ምእንቲ ክትዝክሮ፡ ኣብ መዘኻኸሪ ጽሓፎ
- እቲ ተርጓሚ ብተሌፎን/ቪድዮ ክሳተፍ ከሎ እቲ ድምጺ/ስእሊ ጽቡቕ እንተ ዘይኰይኑ ብዛዕባዚ ተዛረብ

**ተርጓሚ እንታይ እዩ፧ ናይ ተርጓሚ ዕዮኸ እንታይ እዩ፧**

- እቲ ተርጓሚ ዝርርብ ክጅምር ከሎ ብኽልቲኡ ቋንቋ ናይ ምትርጓም ሓላፍነት ኣለዎ
- ተርጓሚ ናብ ሓደ ዘይውግንን ገለልተኛን እዩ። እዚ ማለት እቲ ተርጓሚ ባዕሉ ዘለዎ ኣተሓሳስባ ወይ ርእይቶ ነቲ ትርጉም ክጸልዎ የብሉን
- ተርጓሚ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎ፡ ነዚ ምስጢር ናይ ምሕላው ግዴታ ምጥሓስ ከኣ ገበን እዩ። እዚ ማለት እቲ ተርጓሚ ኣብ እዋን እቲ ዝርርብ ብዛዕባ እተባህለ ንዝኾነ ሰብ ክነግር ኣይክእልን እዩ። እዚ ተርጓሚ ስርሑ ምስ ወድአ እውን ይምልከት
- እቲ ተርጓሚ ምኽሪ ክህበካ ወይ ንሕቶታት ክትምልስ ክሕግዘካ የብሉን። እቲ ተርጓሚ ክትርጉም ጥራይ ኣለዎ፣ ንሕሙም ይኹን ንሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ካልእ ዕማማት ክፍጽም የብሉን
- እቲ ተርጓሚ ዘይተረድኦ ሓሳብ እንተልዩ፡ ሕቶታት ክሓትተካ ወይ ድማ ዳግማይ ክትዛረብ ክሓትተካ ይኽእል እዩ

# ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ተርጓሚ ብዘይምርካብካ ቅሬታ ኣሎካ ድዩ፧ ብዛዕባ መሰልካ ሕቶታት ኣለካ ድዩ፧

**ነዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ፡-**
ኣብቲ እትነብረሉ ዞባ ዝርከብ ተሓላቚ ፍትሒ ሕሙማት

www.pasientogbrukerombudet.no ተሌፎን፡- 40 50 16 00

ተሓላቚ ፍትሒ ብዛዕባ ማዕርነት ኣድልዎን፣ ተሌፎን፡- 23 15 73 00 LDO - Startside

ውድብ ኣንጻር ኣድልዎ ኣብ ህዝባዊ ትካላት (OMOD)
kontakt@omod.no ከምኡውን www.omod.no

በዓል መዚ ቊጽጽር ኣገልግሎት ጥዕና እቲ እትነብረሉ ዞባ፣ በዓል መዚ ቊጽጽር ኣገልግሎት ጥዕና፡ ንቤት ጽሕፈት ድሕንነት ቈልዑ፡ ንማሕበራውን ጥዕናውን ኣገልግሎት ይቈጻጸር፣ | በዓል መዚ ቊጽጽር ኣገልግሎት ጥዕና፣ ተሌፎን፡- 21529900

**ብዛዕባ ጽሬት እቲ ትርጉምን ብቕዓት እቲ ተርጓማይን ቅሬታ ኣለካ ድዩ፧**
ጥርዓንካ ነቲ እትሕከመሉ ትካል ክትነግር ወይ ከኣ ትርጉም ኣብ ህዝባዊ ትካላት (Tolking i offentlig sektor | IMDi) ናብ ዝብሃል ሃገራዊ በዓል መዚ ቍጽጽር ትርጉም ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ።

**ምስ ኣጠቓቕማ ተርጒምቲ ዝተኣሳሰር ሕግታት ብዛዕባ መሰላት ተሓከምትን ግዴታታት ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕናን**

ሕጊ ብዛዕባ መሰላት ተሓከምትን ተጠቀምትን

Lov om pasient- og brukerrettigheter (pasient- og brukerrettighetsloven) - Lovdata

ሕጊ ብዛዕባ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና

Lov om helsepersonell m.v. (helsepersonelloven) - Lovdata

**ሕጊ ብዛዕባ ተርጓማይ**

Lov om offentlige organers ansvar for bruk av tolk mv. (tolkeloven) - Lovdata

**እዚ ብሮሹር ብብዙሕ ቋንቋታት ይርከብ፡ ካብ ዝስዕብ ወብሳይታት እውን ክተራግፎ ይከኣል እዩ፡-** www.helsenorge.no ከምኡውን www.helsedirektoratet.no